**ላዕለዎት ሰበ ስልጣናት መንግስትን፣ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ህግዲፍ**
**ንሕክምና ኣብ ኣቡዛቢ ይርከቡ፣**

ሰበ ስልጣናት መንግስቲ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ኣባላት ጸጥታ፡ መላኺ ስርዓት ጉጅለ ህግዲፍ ንሕክምና ኣብ ኣቡ ዛቢ ይርከቡ። ኣብ ዛይድ ወታሃደራዊ ሆስፒታል ክንክን ሕክምና ይግበረሎም ከም ዘሎ ከኣ ተሓቢሩ። እዞም ሕማሞም ዘይተገልጸ ላዕለዎት ሓለፍቲ ጉዳዮም ብኣዝዩ ዕቱብ ምስጢር ተተሒዙ ከም ዘሎ ተፈሊጡ።

ካብ'ቲ ሆስፒታል ዝተረኸበ ሓበሬታ ከም ዝገልጾ" ኣብ ውሽጢ'ቲ ሆስፒታል ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ወታሃደራውያን፡ ጸጥታውን፡ፖለቲካውያን ሓለፍቲ ህግዲፍ፡ ከም ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ሓላፊ መርበብ ስለያን ሃገራዊ ድሕነት፡ ሚኒትሪ ቱሪዝም ኣስካሉ መንቆርዮስ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ሑመድ ካሪካሪ፡ ወኪል ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣርኣያ ደስታ፡ ኣምባሳድር ሊብያ ዝነበረ ዓብደላ ሙሳን ምህላዎም ምንጭታት የረጋግጹ። እዞም ሕማሞም ዘይተገልጸን ብኣለይቲ ቤተ ሰብ ከይስነዩን ከይብጽሑን ዝተኸልከሉ ሓለፍቲ ጉዳዮም ብልዑል ምስጢር ተታሒዙ ከም ዘሎ ብተወሳኺ ተሓቢሩ። በዚ ኣተሓሕዛ ዝተገረመ ካድር ህግዲፍ " መንግስቲ ንጸሓይ ብመንፊት ክሓብኣ" ይፍትን ኣሎ ክብል ገሊጽዎ። ብተወሳኺ ሕማም መናብርቲ ደቂ ሰባት ብምዃኑ ብኸም'ዚ ምስጢራዊ ኣገባብ ክትሓዝ ኣይግባእን ይብል።

ኣገልግሎት ሕክምና ሕሙማት ላዕለዎት ኣዘዝቲ ስርዓት ህግዲፍ ኩሉ ወጻኢታቱ፡ ወራሲ ንግስነት ኣቡዛቢ ሼክ መሓመድ ብን ዛይድ ከም ዝኾነ ኣዘካኺሩ።

ምንጪ ሓበሬታ መርበብ ኣዱሊስ፡
ዜናን ሓበሬታን ሓዲሊ
25 ጥሪ 2020